# ፃዊዒት ንክረምታዊ ወፍሪ ኣብ ትምህርትን ተዛመድቲ ጉዳያትን ኣብ ትግራይ

ዓለም–ለኸ መርበብ ሳይንስን ኣካዳሚን ተጋሩ ምስ ዩኒቨርስቲ መቐለን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ብምዃን ኣብ ዝመፅእ ዘሎ ክረምቲ ማጠ-ስፊሕ ወፍሪ ኣብ ትግራይ ንምክያድ ዓብይ ምድላዉ እናገበረ ይርከብ :: ካብ ዝካየዱ ንጥፈታት ሓደ ድማ ብዓይነቱ ፍሉይ ዝኾነ ንናይ 2006 ዓ.ም ሃገራዊ ፈተና ተፈተንቲ ተምሃሮ (10ይን 12ተን) ነፃ ናይ ትምህርቲን ምምኻርን ሓገዝ ምሃብ(Free Tutoring, Mentoring and consultation programme) እዩ።፡ስለዚ ኣካል ናይዚ ክረምታዊ ወፍሪ ኮይንኩም ክትሰርሑ ድሌት ዘለኩምን ነዞም ዝተዘርዘሩ ረቛሒታት እተማልኡን ተምሃሮ ዩኒቨርስቲ ናይ ኣጠቓላሊ ወፅኢት (cumulative grade)፣ ድሌትኩም (interest/motivation) ናይ ስራሕ ልምዲ (experience) እንተሃሊዩኩምን ብምግላፅ ካብ 25 ጉንበት እስካብ 30 ሰነ/2005ዓ.ም ኣብ ዘሎ ጊዜ ብኢሜል ኣድራሻ tsan.hub@gmail.com ክተመልክቱ ንሕብር::

**ተደላይ ደረጃ ት/ቲ:** 2ይ ዓመትን ካብኡ ንላዕልን ናይ ሳይንስ፣ቴክኖሎጂ፣ ሕክምና፣ ቋንቋን ማሕበራዊ ሳይንስን ናይ ዩኒቨርስቲ (ዲግሪ ፕሮግራም) ተምሃሮ ዝኾንኩም (ኣብ 2005 ዓ.ም ዝምረቑ ኣየካትትን) ::

**ሓገዝ ዝወሃበሉም ዓይነታት ት/ቲ:** እንግሊዝኛ፣ ሒሳብ፣ ኬሚስትሪ፣ ፊዚክስ፣ ባዮሎጂ፣ ታሪኽ፣ ኢኮኖሚክስን ጂኦግራፊን፡፡

**በዝሒ ተደላይቲ ቱቶርስ(Tutors):** 20-25

**ት/ቲ ዝዋሃበሉ እዋንን ቦታን:** ሓምለ 15- ነሓሰ 30/2005 ዓ.ም ኣብ ኣፄ ዮሃንስ ካልኣይ ብርኪ ቤት ት/ቲ (መቐለ) ፡፡

ኣብዚ ክረምታዊ ወፍሪ ሓገዝ ወሃብቲ (ቱቶር)ኮይኖምን ዝሰርሑ ተምሃሮ ዩኒቨርስቲ TSAN ምስ መቐለ ዩኒቨርስቲ ብምትሕብባር ንሕድሕድ 500 ብር (pocket money)፣ መንበሪ (Accommodation)፣ ምግቢ (Food)፣ ከምኡ እዉን ናይ ተሳትፎ ሰርቲፊኬት ዝሸፍን ምዃኑ ክንገልፅ ንፈቱ፡ ፡

**ብትምህርቲ ዝተሃነፀ ብዓለም-ለኸ ተዋዳዳራይ ዝኮነ ዜጋ ንምፍራይ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ንለዓል!!**

ኣባላት ቦርድ ዓለም-ለኸ መርበብ ሳይነስን ኣካዳሚን ተጋሩ (TSAN)